

# ቃል ምስጋና !

ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ካብ'ዛ ዓለም ምፍላዩ ንስድራ ቤቱን ንመቓልስቱን ንዝሰፈሐ ኣካላት ህዝቢ ኤርትራን፣ መሪር ሓዘን ከም ዝገደፈ፣ በቲ ዝተገበረሉ ምዕሩግን ክብ ዝበለ ናይ ምፍናዉ ስነ ስርዓት ክብርን፣ ዓለም ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

በዓልቲ ቃል ኪዳኑ ወይዘሮ ኣድያም ተኽሊት ምስ ደቃ ዶር. ሚለንን ሰነድን ሱሄልን፥ ምስ ምሉኣት ስድራ ቤትን፣ ሕሰም ኣይትርከቡ ብምባል፣ ንክቡር ኣቦ ስድራና ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም መንግስተሰማያት የዋርሶ እናበሉ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ፈጣሪ ከኣ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ክቕበሎ ጸሎት ኩላትና የሰንዮ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ንኩሎም ኣሕዋቱን ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን፣ ካብ ግዜ ሕማሙ ኣትሒዝኩም ኣብ ጎንና ደዉ ዝበልኩምን፣ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ምስ ተፈለይና፣ ድኻምኩም ከይ ጸብጸብኩም፣ ካብ ርሑቕን ቀረባን ብምምጻእ፣ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ ዝተሳተፍኩምን፣ ልዑል ምስጋና ይብጻሕኩም። ከምኡ'ዉን ንኩሎም እቶም ብኣካል ኣብ ቀብሪ ከተርክቡ ዘይከኣልኩም፣ ብስልክን ብዘመናውዊ መራኸቢን ኣቢልኩም ተኻፈልቲ ሓዘንና ምዃንኩም ዝገለጽኩም፣ ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ሓርበኛ ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፣ ዝተቓለሰሉ ክቡር ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ፣ ኩሉኹም መቓልስቱ ሃገራውያን፣ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ቃልስኹም ንክትቕጽልዎ፣ ልባዊ ምሕጽንታና ነቕርብ። ንሕና'ውን ከም ስድራ ቤት፣ ንሕድሪ ዶር. ሃብተን ኩሎም ሰውኣትናን፣ ንምፍጻም ዝከኣለና ክንገብር ምዃኑ ቃል ንኣቱ።

ንፍቁር ኣላዪ ስድራና መንግስተ ሰማያት የዋርሶ !
ንኩሉኹም ኣሕዋትን ኣሓትን ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

**ስድራ ቤት ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም**

**08/03/2017**